# መደምደምታ:

# ለበዋ ንኣመንትን ውሉደ ክህነትን

“ናይ ሓዋርያት ጉባኤ ብዝኾነት ብሓንቲ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ንኣምን”(ጸሎተ ሃይማኖት)። “ንስኻ ጴጥሮስ (ከውሒ) ኢኻ፡ ንቤተ ክርስቲያነይ ኣብዛ ከውሒ እዚኣ ክሃንጻ እየ፡ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን” (ማቴ. 16፥18)። እዚ ሓዋርያዊ ናይ ቤተ ክርስቲያን ሥልጣን ግን ንጴጥሮስ ጥራይ ዘይኮነስ ንኩሎም ሓዋርያት ዝተዋህበ እዩ (ዮሓ.20፥21-23)። እቲ ቤተ ክርስቲያን ዝተሠረተትሉ ከውሒ እምኒ (ዓረ) ዘይኮነስ እምነት (ወይድማ ሃይማኖት) እዩ። እዚ ሓዋርያዊ ሥልጣን እዚ ምስ ሥልጣን ሥላሴ ዝተተሓሓዘ እዩ። ከምቲ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብፍቓድ እግዚኣብሄር-ኣብ ናብ ዓለም ዝመጸ፡ ንሱ ድማ ከምኡ ንሓዋርያት "ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን" ኩሉ ዝኣዘዞም ክገብሩ ምሉእ ሥልጣንን ሓላፍነትን ሂቡ ለኣኾም።

እዚ መልእኽቲ'ዚ ግን ከምቲ ሓደ መራሒ ሃገር፡ ኣምባሳደር፡ ጀነራል፡ ሚንስተር ወዘተ ኢሉ ሥልጣን ሂቡ ዝልእኮም ኣይኮነን። ፍቓድ እግዚኣብሔር-ኣብ ንጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ መለኮታዊ ሥልጣን ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ንሓዋርያት፡ ካብ ሓዋርያት ናብ ኣቦታት ፓትርያርካት፡ ዝቀጸለ ተልእኮ፡ ዶብ-ኣልቦ መለኮታዊ ሥልጣን እዩ (ግብ ሓዋ. 1፥21-25)።

ሓዋርያት ድማ ነቲ ሰንሰለታዊ ስልጣን ናብ ኣቦታት ቤተ ክርስትያን ኣረኪብዎ። ንኣብነት፣ ቅዱስ ቀሌምንጦስ ተመሃራይን መተካእታን ናይ ሃዋርያ ጴጥሮስ ኮይኑ፣ “ብፍቃድ ኣምላኽ፡ ሓዋርያት ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ወንጌል ተቐቢሎም፡ ሓዋርያዊ መሥርዕ ሒዙ፡ ብሥራት ትንግኤ ወንጌል ንኹሉ ዘርግሑ። ነቶም ዝኣመኑ ድማ ብሓዊ መንፈስ ቅዱስ ፈቲኖም፡ ጳጳሳትን ኣቦታትን ገይሮም ንመቀጸልታ ዕቤት መንግሥቲ ኣምላኽ ሸምዎም።” ክብል ብግዜ ዘይቅየር ጽሑፍ ጽሒፉ (Apostolic Fathers P. 41)። ብኻልእ ወገን፣ ኣብ 69 ዓ.ም. ተመሃራይ ናይ ሓዋርያ ዮሓንስ ዝነበረ ቅዱስ ኣግናጥዮስ ከምዚ ክብል ጽሒፉ፣ “ኩሉ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተሾመ ሊቀ ጳጳሳት ከም ኢየሱስ ክርስቶስ ገይርኩም ተቐበልዎ፣ ንጳጳሳትን ካህናትን ድማ ከም ሓዋርያት ተቐበልዎም” (Magnesians 6:1) ይብል። ካልኦትን እውን ከምኡ እናበሉ እዮም ቀጺሎም።

እምበኣር እዛ ሎሚ ኣዴና ኢልና እንስዕባ ዘለና ቤተ ክርስቲያን በዚ ሓዋርያዊ ሰንሰለት ዝመጸት፡ ብመንፈስ ቅዱስ እትምራሕ ሓዋርያዊት ኣደ እያ። “ንቤተ ክርስቲያን ከም ኣዲኡ ዘይቅበላ ንእግዚኣብሔር ከም ኣቡኡ ክፈልጦ ኣይክእልን እዩ” ይብል ቅዱስ ሲፕርያን። እዛ ቤተ ክርስቲያን' ዚኣ ብእምነን ሕጻን ጥራይ ዝተሃንጸት ምድራዊት ዘይኮነት፡ ብደም ክርስቶስ ዝተዓደገት ክሳብ ሰማይ ዝርጋሐ ዘለዋ ቤተ ክርስትያን እያ። ብዙሓት ኣብ መገዲ ጥፍኣት ዘለዉ ሰባት ንውልቃዊ ረብሓኦም እተገልግል ምድራዊት ትካል ገይሮም ክጥቀሙላ ለይትን መዓልትን ህርድግ ዝብሉ ግና ኣይተሳእኑን።

እምበኣር፣ ወዲ ቤተ ክርስትያን እየ ዝብል ሰብ፣ ሕግን ጽሑፍን ቤተ ክርስትያን ምፍላጥን ምጥቃስን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ህይወት፡ ቅድስና፡ ታሪኽን ቤተ ክርስትያን ክሳተፍ ይግባእ። ብፍላይ እዚ ሎሚ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ተፈጢሩ ዘሎ መዘና ኣልቦ ብርሰትን ምግሃስ ሕጊን ሸለል ክበሃል ኣይግባእን።

ሎሚ ስኻ እንተመሪጽና ግና፣ ኣብቲ ጎይታ ዝግለጸሉ ግዜ ክንውቀስ ኢና። ብመሰረት ቃል እግዚኣብሄር ክልተ ዓይነት መገዲ እዩ ዘሎ፣ እታ ጸባብን ርሒብን። ኣብዚ ዘሎናሉ ጊዜ ግና ኣብ መገዲ ክርስቶስ ሣልሳይ ኣማራጺ መገዲ ዝወሰኹ ሰባት የጋጥሙ እዮም። ቃል እግዚኣብሄር ግና "ቃልኩም፣ እወ ወይድማ ኣይፋልን ድኣ ይኹን" ይብለና።

## ሰለስተ ዓይነት ሰባት

- ዝሃንጹን ዝተሃንጸ ዝዕቅቡን
- ዝተኣከበ ዝብትኑ: ዝተሃንጸ ዘፍርሱ
- ማእከላይ ናይ በለጽ መገዲ ሒዞም ዝኸዱ ምስሉያት

ሎሚ ንስኻ ኣበይናይ ደምበ ኢኻ ዘለኻ? ካብቶም ዝእክቡ ዲኻ ካብቶም ዝተኣከበ ዝብትኑ? ወይስ ካብቶም ማእከላይ መገዲ ሒዞም ዝኸዱ ምስሉያት ኢኻ?

ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ መገዲ ደኣ እምበር ሳልሳይ መገዲ ኣይሃበናን። ወይ ከምቶም ብእምነት ደው ኢሎም ንሃይማኖቶም ዝከላኸሉ፡ ወይ ድማ ከምቶም እምነት ንምጥፋእ ዘንቀዱ እምበር ሳልሳይ መገዲ የለን። እቶም ማእከላይ መርገጺን ተበላጽነትን ሒዞም ዝጎዓዙ፡ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ "እቲ ምሳይ ኮይኑ ዘይእክብ ይብትን" ዝበሎ ቅዱስ ቃል ብቀጥታ ንኣኣቶም ዚምልከት ምኳኑ ክርድኦም ይግባእ።

ኣብ መወዳእታ፡ "ሽም ተራፊ ብልዒ ሓላፊ" ምኳኑ ኣይተርፍን፡ እዚ ሕጂ ኣብ እዛ ቅድስትን ሓዋርያዊትን ቤተ ክርስቲያን ወሪዱ ዘሎ፡ ዘይወግሕ ዝመስል ጸልማት፡ ትማሊውን ስለ ዝወግሐ፡ ምውጋሑ ናይ ግድን እዩ እሞ፡ "ኣይቴ ነበርክሙ ምንተ ገበርክሙ" እንበሃለሉ፡ ዘሸረፍናዮ መክሊትና እንሕተተሉ እዋን ርሑቕ ስለ ዘይኮነ፡ ቅዱስ ኣቦና ኣቡነ እንጦንዮስ ዝወሰድዎ ሓቀኛ ናይ እምነት መሠረት ዘንበረ ቅዱስ ዓላማ ተኸቲልና ክንከይድ ንጽውዕ። በዚ ኣጋጣሚ ዝተጋገየ ንኸጠዓስ፡ ዝተሰጎገ ንኽምለስ፡ ዝጎሃየ ንኽሕጎስ፡ እግዚኣብሔር ሰላሙን ምሕረቱን ክህበና ቅዱስ ፍቓዱ ይኹን።